SUPER HERO SUMMER 2022

TIGRINYA

## ከመይ ምጽዋት ከምዝከኣል፡

ኣብ ናይ'ዚ ዓመት እዚ ክረምታዊ ትምህርቲ "ናይ ጀጋኑ ክረምቲ" ብምልዓል ተሳታፊ ምዃን ትኽእል ኢኻ ናይ ንጥፈታት ቡክሌት ኣብ'ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤተ መጻሕፍቲ ወይ ኣብ ኦንላይን ኣብ www.spl.org/SummerOfLearning ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ

እዞም ናይ ንጥፈት ቡክሌታት ብ ቋንቋታት ኣምሓርኛ፣ ቀሊል ቻይንኛ፣ ኦሮምኛ፣ ሶማልኛ፣ ስፔንኛ ትግርኛን ብ ቬትናምኛ ቀሪቦም ኣለዉ.

ነቶም ናይ Superhero ጽቡቓት ስራሕትኻን ናይ ክረምቲ ንባባትካን በቲ ናይ መጻወቲ ቦርድ ብምጥቃም ለውጢታቶም ተኸታተል። ነተን ናይ 30 መዓልቲታት ናይ ጽቡቕ ስራሕ ተግባራትን ነተን ንገዛእ ርእስኻ ዝተልምካየን ናይ ንባብ መዓልቲታትን ምስ ዛዘምካ፣ ነቲ ናይ መጻወቲ ቦርድ ናብ'ቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ብምምላስ ነቲ ናይ "Superhero Summer!" ሰርትፊኬትካ ተቐበል።

ነዚ ዘቕረብናዮ "Superhero Summer!" ናይ መናእሰይ ድህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምምላእ ንእሽተይ ሽልማት ናይ ምሽናፍ ዕድል ክህልወካ ምእንታን ናብ'ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቅርንጫፍ ቤተ-መጻሕፍቲ መልሶ።

ሕብሪ ዝልከዩ ልሓትን ካልኦት ንጥፈታት እውን ኣለዉ እዮም።

ኣብ'ዚ ክረምቲ እዚ ገለ ክተንብቦ እትደልዮ መጽሓፍ ዶ ኣሎ? ነዞም ኣብ ትሕቲ ዝርዝራት ንባብ "Superhero Summer" ዝተቐመጡ ራኣይ.



## ምስ Civ ተራኸብ!

Civ ሰባት ንምሕጋዝ ቁርጸኛታት እዮም።

Civ ንማሕበረሰቦም የፍቅሩ፣ ነቶም ጎረባብቶም ድማ ብስሞም ይፈልጡዎምን ምስ ኩሉ ሰብ ድማ ዘለዎም ኣወንታዊ ምልከታ የካፍሉ። Civ ኣብ ከባቢታት መንበሪ ገዛውቲ ናይ ጽርየት ጎስጓሳት ከተሓባብሩ ወይ ኣብ ጎዳና ናይ ሌሞኔድ ውህብቶ ክዳልዉ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።

## ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ!

ዳህሰስ:

ሎሚ ነዚ ትነብረሉ ማሕበረሰብ ከባቢ ዝሓሸ ንምግባር ክትገብሮ ብዛዕባ ትኽእሎ ነገር ሕሰብ። ንእሽተይ ወይ ዓብይ ነገር ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባኡ ጸሓፍ፣ ስእሊ ሰኣል ወይ ንመሓዙትካን ስድራ ቤትካን ብዛዕባ ዘለካ ሓሳብ ኣውግዓዮም!

ናይ ስድራ ቤት ምይይጥ:

ምይይጥ፡ መሓዙት፣ ስድራ ቢት፣ ጎረባብቲን ኣባላት ማሕበረሰብን ነንገዛእ ርእሶም ክተሓጋገዙ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽኒያት እንታይ ይመስለካ?

ስምዒታት፡

ን 5 ደቓይቕ ዝኾን ልክዕ ከም በዓል ልዕሊ ሓያላን ዝኾነ ሰብኣይወይ ተኣምራት ትገብር ሰበይቲ ማለት'ውን ከም (Superhero) ኮይንካ ተዋሳእ። እዚ እንታይ ዓይነት ስምዒት ፈጢሩልካ?

ንቐድሚት ክፈሎ!፡

ስድራ ቤትካን መሓዙትካን ብምእካብ ገለ ዕብይ ዝበሉ እእማን ወሲድኩም ኣጸባብቑዎ እሞ ጎረባብትኻ ክርእዩዎ ምእንታን ኣብ'ቲ ከባቢ መንበሪ ኣባይቲ ኣቐምጡዎ። ንሰባት ንሶም ከይፈለጡ ገለ ጽቡቕ ግብሪ ምፍጻም እንታይ ዓይነት ስምዒት ይፈጥረልካ?

ትፈልጥ ዶ?

ክትደርፍ እንከሎኻ፣ ነቲ ኣብ ኣእምሮኻ ዘሎ ኬሚካል ተፈጥሮ ክትቅይር ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ድማ ዝበለጸ ሕጉስ ይገብረካ! ክትደርፎ ኣዝዩ ባህ ዝብለካ ደርፊ ኣየናይ እዩ?




## እዚ EM ይበሃል!

Em ባህሪያት ዓርሰ ክንክን ዘተግብርን ንቑሕ ሰማዓይ ብምዃን ድማ ን ሰባት ዘለዎ ሓዘኔታ ዝገልጽ እዩ።

Em ኣገዳስነት ልውሃትን ምስጋናን ይፈልጥ እዩ። ን Em ን መሓዛኡ ክስመዕ፣ ን ጎረቤቱ ክሕግዝ ወይ ምስ ኣናእሽተይ ቆልዑ ጸወታታት ክጻወት ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ - እዚ ድማ Em ተገዳስነቶም ዘርእየሉ መገዲ እዩ።



## ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ!

ዳህሰስ:

ሓደ ባእታ ተፈጥሮ ምረጽ (ኦም፣ ዕምበባ፣ ደበና ወዘተ) ከም እዚ ባእታ ኮይንካ ድማ ግጥሚ ጸሓፍ።

ንጥፈት፡

ናይ ልውህና መዝገብ ሓዝ፡ ዝኾነ ሰብ ጽቡቅ ክገብረልካ እንከሎን ንስኻ ድማ ንኻሊእ ሰብ ጽቡቕ ክትገብር እነክለኻ ወይ ንገዛኣ ርእስኻ ጽቡቕ ክትገብር እንከላኻ ጸሓፎ!

ስምዒታት፡

ሕማቕ ክስመዓካ ወይ ክትናደድ እንከሎኻ ነዚ ፈትን! ቴዲ ወይ ናይ ባንቡላ እንስሳ ኣብ ከብድኻ ጌርካ ብሕቖኻ ለጥ በል፣ ቀጺልካ ትንፋስካ ብቐስታ ክኣቱን ክወጽእን እንከሎ፣ ልክዕ ንኽድቕስ ትረሩዎ ከምዘለኻ ዓይነት፣ እቲ ባንቡላ ንላዕሊን ንታሕትን ክንቀሳቐስ እነክሎ ተዓዘብ። እዚ ዝሓሸ ክስመዓካ ዶ ገይሩካ?

ንቐድሚት ክፈሎ:

ናይ ኩሉ ግዜ ጅግናይ እዩ ትብሎ መን እዩ? ኣብ ሂወትካ ጅግና እዩ ትብሎ ሰብ መን ከምዝኾነን ምኽኒያቱን ጸሓፍ እሞ ነቲ ዝጸሓፍካዮ ሰብ ንገሮ!

ሕቶ:

ምናልባት ብዛዕባ እዚ ዝስዕብ ወርቃዊ ሕጊ ኣፍልጦ ክህልወካ ይኽእል እዩ፡ ንሰባት ከም'ቲ ንዓኻ ክሕዙኻ እትደልዮ ጌርካ ሓዞም። ሕጊ ፕላቲነም ድማ ነዚ ዝስዕብ የቐምጥ፡ ንሰባት ከምቲ ዝደልዩዎ - ድልየቶምን- ክትሓዙ ዝደልዩሉ መገዲን ጌርካ ሓዞም። ነዚ ሕጊ ፕላቲነም ኣብ መሓዙትካን ስድራ ቤትካን ተለማሚድካዮ ዶ?

ትፈልጥ ዶ?

እቶም ዘመስግኑ ሰባት ካብ'ቶም ዘየመስግኑ ብዝበለጸ ሕጉሳት እዮም። እንታይ እዩ እቲ ንስኻ ብጣዕሚ እተመስግነሉ ጉዳይ?

ብዛዕባ ሰባት የገድሰኒ እዩ በዚ




ምኽንያት ድማ ኣድማጺ እየ!

እዚ ናይ 2022 ክረምታዊ ትምህርቲ ብ Seattle Public Library Foundation ካብ D. V. ን Ida McEachern Charitable Trust ን ብዝረኸቦ ሓገዝ ዝተመወለ ኮይኑ፣ ካብ AfricaTown፣ the African-American Writers' Alliance፣ ን The Bureau of Fearless Ideas ብዝተረኸበ ሓገዝ ምስ Burke Museum of Natural History and Culture ን South End Stories ን ብሓባር ብምዃን ዝተተለመ እዩ።

ሰላም **LEA**



Lea ሓደሽቲ ነገራት ክትመሃርን ክትካፍልን ኣዝዩ ደስ ይብላ።

Lea ምምሃርን ፍልጠትን ንነገራት ካብ ኩሉ ሸነኻት ብምርኣይ ትርዳእ ብምኳና ንነገራት ዝተፈለላዩ ኩርናዓት ኮይንካ ምርኣይ ድማ የሐጉሳ። ን Lea ኣብ ቤት-መጻሕፍቲ ብዙሓት መጻሕፍቲ ሒዛ ወይ ንመሓዙታ ደስ ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ምሕታት ወይ እትፈልጦ ኣብ ምክፍል እንከላ ክትሪኣ ትኽእል ኢኻ።

## ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ!

ዳህስስ:

ተልዓል እሞ ክሳብ 60 እንዳቖጸርካ ዝለል። ሐዚ ጠጠው ኣብል እሞ ኢድካ ኣብ ልብኻ ግበር። ን ህርመት ልብኻ ስምዒት ትንፋስካን ኣስተውዕል። ትንፋስካን ህርመት ልብኻን ናብ'ቲ ቅድሚ እቲ ምንቅስቓስ ምግባርካ ዝነበረ ኩነታት ንኽምለስ ክንደይ ወሲዱሉ?

ናይ ስድራ ቤት ምይይጥ፡

ቀዳሞት ኣቦታትና ነቶም ወለድና ምኽሮም ብምልጋስ ነቲ ዝነበሮም ጥበብ ናባና ኣሕሊፎምላና። ንኽልተ ካባኻ ዝዓብዩ ዝተፈላለዩ ሰባት ብዛዕባ ጽቡቕ ሂወት ምናባር ዘለዎም ምኽሪ ብሓንቲ ምሉእ ሓሳብ ክገልጹልካ ሕተት። ሐዚ፣ ነቶም ኣብ ሂወትካ ዘለዎ ዓብየቲ ሰባት ዘለካ ምኽሪ ጸሓፍ እሞ ምሳኦም ኣካፍሎ። ነቲ ዝተምሃርካዮ ነገር ምስ ስድራ ቤትካ ኣካፍል።

ንጥፈት:

ናይ 5 ናይ ስምዒት ህዋሳት ጉዕዞ ኣካይድ! ነቲ ኣብ ዙርያኻ ዘሎ ደጋዊ ዓለም ኣብ ምዕዛብ እንተነኣሰ 15 ደቓይቕ ኣሕልፍ። ብዛዕባ እቲ ዝተዓዘብካዮ ጸሓፍ/ተዛረብ። እንታይ ርኢኻ? ጨና? ድምጺ? ጣዕሚ? ስምዒት?

ንቕድሚት ክፈሎ፡

ሓደ ንስኻ ክትገብሮ ትኽእሎ ነገር ውሰድ ኣሞ ምስ ሓደ ድልየት ዘለዎ ሰብ ኣካፍል! ምናልባት እውን ክራባት ምእሳር ከመይ ከምዝከኣል ምርኣይ፣ ዘስሕቕ ቀልዲ ምዝራብ፣ ን ናይ ኩዕሶ ስክዒት ብኸመይ እናንጠርካ ምኻድ ከምዝከኣል፣ ናይ superhero ታት ስእሊ ብኸመይ ምስኣል ከምዝከኣል፣ ወይ ካሊእ ዝኾነ ክኸውን ይኽእል!

ትፈልጥ ዶ?

ኣፍሪካ-ኣሜሪካዊ ተመራማሪ George Washington Carver ካብ'ቶም ኣብ ሕ.መ.ኣ ዘመናዊ ናይ ተፈጥሮ ሕረሻ ዘጣየሹ ሰባት ሓደ እዩ! ካብ'ዚ ብተወሳኺ Carver ውህብቶ ዘለዎ ተጻዋታይ ፒያኖን ሰኣሊን ነይሩ። እንታይ ክትፈጥር ደስ ምበለካ?

ንምፍላጥ ዘለካ ድልየት ዓብዩ ይኹን

## ትምህርቲ ምምሃርካ ድማ ቀጽለሉ!



ሰላም **SOL**



Sol ንኽም ስእሊ፣ ሙዚቃ፣ ሳዕስዒት፣ ጽሕፉ፣ ተዋስኦን ዝበሉ - ስምዒታት ንምግላጽን ጸገማት ንምፍታሕን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ኩለ መዳያዊ ናይ ስነ-ጥበብ ስራሕቲ ፈተውቲ እዮም።

ንብድሆ ናብ ዕድል ምቕያር ካብ'ቲ ን Sol ኣዝዩ ዘሐጉሶም ነገር እዩ። Sol ፈጣሪ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ኣእምሮ ንኹነታት ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ንኽርእዩ ዝገብሮም እዩ። Sol በቲ ዘለዎም ናይ ስነ-ጥበብ ተውህቦን ምስ ካልኦት ናይ ምስራሕ ክእለትን ተሓጊዞም ጽቡቓት ናይ ጉጅለ ተጻውትቲ እዮም።

## ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ!

ዳህስስ፡

ጸሓፋይ Jason Reynolds "እቶም ኣዝዮም ሓቀኛ ልዕሊ ሓይልነታት ኣብ ውሽጢ ኩላትና እንውንኖም እዮም፡ ነገራት ናይ ምግባር ድልየት፣ ተኣማንነትን ካብ ኩሉ ዝበለጸ ድማ ትብዓት" እዮም ኢሉ ይኣምን ናትካ ሓቀኛ ዓለማዊ ልዕሊ ሓይልነታት እንታይ እዮም? ነቲ ኣብ ናይ ልዕሊ ሓያላት ቆቢዕካ ክህሉ እትደልዮ ስእሊ ንድፊ ኣውጽእ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ተወሳኺ ሓይሊ ኣብ እትደልየሉ ግዜ፣ ነዛ ቆቢዕ ክትገብራ እንከሎኻ ኣብ ኣእምሮኻ ሰኣል!

ነዚ ብሓባር ክንፈትሖ

ንኽእል ዲና!




ናይ ስድራ ቤት ምይይጥ፡

ን ስድራ ቤትካ ብዛዕባ ጸገማት ንምፍታሕ ዝጥቀሙሎም ምሩጻት መገዲታት ሕተቶም። ጸገማት ንምፍታሕ ትልሚ ዶ ይጽሕፉ? ካብ ካልኦት ምኽሪ ዶ ይሓቱ? ብዛዕባ ኣብ ሕሉፍ ንመወዳእታ ግዜ ዘጋጠሞም ጸገም ዶ ይሓስቡ?

ንጥፈት፡

ነዚ ጸገማት ናይ ምፍታሕ ክእለትካ ተጠቒምካ ንሰባት ሓግዝ! ናይ ገንዝብ ምትእኽኻብ መደብ ወይ ናይ ከባቢ መንበሪ ኣባይቲ ጽሬት መደብ ኣተሓባብር፣ ወይ ነቶም ዘድልዮም ሰባት ዝኸውን ናይ ጃኬት ክዳን ምትእኽኻብ ኣካይድ። ንመሓዙትካ ብምኣካብ ትልሚ ኣውጽእ - በዚ ድማ ንኻልኦት ትሕግዝ ጥራሕ ዘይኮንካ፣ ክእለታት ኣመራርሓ፣ ጸገም ምፍታሕን ክእለታት ርክብን ኢኻ ተማዕብል ዘለኻ።

ንቕድሚት ክፍሎ፡

ሓንቲ ጽብቕቲ ነገር ስራሕ እሞ ን ሓደ ኣባል ስድራ ቤትካ፣ መሓዛኻ ወይ ንዝኾነ ኣብ መገዲ ዝረኸብካዮ ጋሻ ሃቦ። ንዝኮነ ሰብ ዝስራሕካሉ ውህብቶ ምክፋል እንታይ ዓይነት ስምዒት ይፈጥረልካ?

ትፈልጥ ዶ?

ሰሓቕ ተመሓላላፋይ እዩ! "ሰሓቕ እቲ ዝበለጸ መድሓኒት እዩ" ዝብል ምስላ ሰሚዕካ ዶ ትፈልጥ? እዚ ሓቂ እዩ፣ ሰሓቕ ንኩነታት ጥዕናኻ የመሓይሽን ዝሓሸ ስምዒት ክስመዓካ ዝገብርን እዩ። ንመወዳእታ ግዜ ጽቡቕ ሰሓቕ ዝሰሓቕካሉ ግዜ መዓስ እዩ ነይሩ?

# ናይ መናእሰይ ናይ ዳህሳስ መጽናዕቲ

ነቲ ተመሊኡ ዝተዛዘመ ናይ ዳህሳስ መጽናዕቲኻ ናብ'ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቅርንጫፍ ብምምላስ ንእሽተይ ሽልማት ናይ ምርካብ ዕድል ርኸብ።

ስም፡

____________________

ዕድመ'

____________________

ቤት ትምህርቲ፡

____________________

ክፍሊ (ኣብ ፎል)፡

____________________

ምስ ኣየናይ Superhero ኢኻ ኣጸቢቕካ ትመሳሰል?

CIV ☐ EM ☐

LEA ☐ SOL ☐

ካብ'ዚ ቡክሌት እዚ ክትገብሮ ኣዚኻ ዝፈተኻዮ ንጥፈት ኣየናይ እዩ ነይሩ?

____________________

ክተንብቦ ኣዝዩ ደስ ዝብለካ ዛዕባ እንታይ እዩ?

____________________

ክትፈልጦ ኣዝዩ ደስ ዝብለካ ነገር እንታይ እዩ?

____________________

ኣብ'ዚ ክረምቲ ክትገብሮ ኣዝዩ ደስ ዝብለካ ነገር እንታይ እዩ?

____________________